


# ሰፊሕ ሰሚናር ህዝባዊ መኸተ
# ኣብ ከተማ ዱዘልዶርፍ

እገዳ ኣይተላዕለን ! ንኸይልዓልን ቀጻሊ ንኽኸውንን በታ ናይ ሶማልን ኤርትራን ናይ ኣገዳ ተቖጻጻሪት ጉጅለ *(UN Monitoring Group for Somalia and Eritrea)* ዝቐርብ ዘሎ ጸብጻብ ግን መስሓቕ ዓለም ኮይኑ። ዳርጋ ኩሎም ኣባላት ባይቶ ጸጥታ ዓለም፡ ብዛዕባ ኤርትራ ዝቐርብ ዘሎ ሓሶት ናይዛ ጉጅለዚእ ኣድኪሙና ንኽንሰምዖ ኣጸሊኡና ይብሉ። እታ ጉጅለን ንዓኣ ዝደፋፍኡን ኣብ ሕፍረት ይርከቡ። መኸተና ድማ ፍረ ይረክብ ኣሎ።

ህዝቢ ኤርትራ ብሓሶትን ታህዲድን ምፍርራሕን ዘይድሃል ሓቀኛ ህዝቢ ብምዃኑ፡ ቅድሚ ሕጂ ኣብ ቅድሚኡ ንዝጸንሐ ኩሉ ብድሆታትን እገዳታትን መኪቱን ሰዒሩን እዩ። ሎሚ'ውን ከም ወትሩ ሓድነቱ ኣደልዲሉ ዓቕሙ ክብ ኣቢሉ ብዝለዓለን ዝተጠርነፈን ፡ ኣገባብ ኣንጻር ዝኾነ ቅሉዕን ሕቡእን ተጻብኦታትን ውዲታትን ንኽምክት ቅሩብ እዩ። ኤርትራውያን ተቐማጠ ኖርድ-ራይን-ቨስትፋለን *(NRW)*፡ መኸትኦምን ቅሩብነቶምን ዝግልጽሉን ዝመያየጡሉን ባይታ ብሽማግለታት መኸተን ማሕበረ-ኮማትን ከተማታት ቢለፈልድ፡ ዱዘልዶርፍ፡ ከለን፡ ክረፈልድ፡ ሞንሸን-ግላድባኽን: ቡፐርታልን ተዳልዩ ስለዘሎ፡ ኩሉ ብሃገሩ ዝግደስ ኤርትራዊ ንኽሳተፍ ብኽብሪ ይጽዋዕ።

ቦታ፡ ኣብ ዱዘልዶርፍ ኮይኑ፡ ኣድራሻ ኣብ ዝሓጸረ ጊዜ ክንሕብር ኢና።
ዕለት፡ ***21.09.2013***
ዝጅመረሉ ጊዜ፡ ሰዓት **13፡00** (ሰዓት **1** ድሕሪ ቀትሪ)

ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንስዉኣትና

**ሽማግለታት ከተማታት ኖርድ-ራይን-ቨስትፋለን**